**ወግዓዊ መግለጺ መንግስቲ ሉግዘምበርግ**

**ሉግዘምበርግ 12/ 03/ 2020**

ዝኸበርኩም
ዝኸበርክንን
ወለዲ

ብሰንኪ እቲ ኣብ ሉግዘምቡርግ እናስፋሕፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ለበዳ ሕማም ኾሮና (COVID-19) ፣ መንግስቲ ሉግዘምበርግ **ንኩሉ ኣብ ስርዓተ ትምህርትን ቤትምህርትን ዝግበር ንጥፈታት ካብ ዕለት 16 ክሳብ ዕለት 29 ናይ ወርሒ ሰለስተ ደው ክብል ወሲኑ ኣሎ።** ኩለን ናይ ብሕቲ ከሙኡ ውን ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲታት ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት ክዕጸው ሙኻኑ ተወሲኑ ኣሎ።

እዚ ዝተወሰነሉ ምኽንያት ድማ ነቲ ለበዳ ናይ ሕማም ንምክልኻል እዩ። ስርዓት ትምህርቲ **ነቶም በዚ ሕማም ብቐሊሉ ክጥቕዑ ዝኽእሉ ክፋል ናይ ሕብረተ ሰብ** ኣብ ምክልኻል ብዝካኣሎም ዓቕሚ ተራኦም ክጻወቱ እዮም። ህጻናት ከሙኡ ውን መናእሰያት በዚ ለበዳ ኾሮና ብኸቢድ ናይ ምሕማም ተኽእሎኦም ትሑት እዩ።

ሶሙናዊ ስሩዕ ትምህርቲ ደጊሙ ክጅምረሉ ተመዲቡ ዘሎ ዕለት 30/03/2020 እዩ። ኩነታት ተራእዩ እቲ ብልክዕ ስሩዕ ትምህርቲ ዝጅመረሉ ዕለት ብምኒስትሪ ጥዕና ክሕበር እዩ።

መዛዘሚ ናይ 2ይ ሰመስተር ንዕለት 30/04/2020 ድሕሪ ዕረፍቲ ናይ ኣፋሲካ ተሰጋጊሩ ኣሎ።

ኩሉ ካብ ዕለት 16 ክሳብ 29 ወርሒ ሰለስተ ተመዲቡ ዝነበረ ናይ ትምህርቲ ንጥፈታትን ዕዩ ገዛን ንኻልእ ግዜ ተሰጋጊሩ ኣሎ። ነዚ ንጥፈታት ዝግበረሉ ሓድሽ ዕለታት ብመምሃራን ክሕበር እዩ።

ቐጻልነት ናይ ትምህርቲ ንምውሓስ ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ትምህርቲ ንምክትታል ዘኽእል ኣገባብ ብመምሃራን ክዳሎ እዩ። ብተወሳኺ ሜላ ኣጠቓቕማ ናይዚ ኣገባብ ውን በቶም መምህራን ኽሕበር እዩ።

መማህራንን ተማሃሮን በቲ ናይ ኢንተርነት ናይ ትምህርቲ ኣካውንት ማለት IAM ( ኣብዚ http://iam.education.lu ገጽ ናይ ኢንተርነት ክክፈት ዝካኣል ) ተጠቒሞም ትምህርቶም ኣብ ገዛኦም ኮይኖም ክከታተሉ ይኽእሉ። ነዚ ናይ ኢንተርነት ትምህርቲ ኣብ ላፕቶፕ ፣ ኮምፒተር ወይ ወን ኣይፓድ ምክታትል ይካኣል።

ተማሃሮ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ትምህርቶም ንምክተታል ኣቐዲሞም እዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ነገራት ከዳልው ይግባእ: **IAM, Webuntis, e-mail (...@school.lu) et plateforme électronique (Office 365)**.

ላፕቶፕ ፣ ኮምፒተር ወይ ወን ኣይፓድ ዘይብሎም ተማሃሮ ተለልዮም ካልእ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ትምህርቶም ክከታተልሉ ዝኽእሉ መንገዲ ብመምሃራኖም ክሕበሮም እዩ።

ኩሎም ተማሃሮ ማዓልታዊ እቲ ናይ ኢንተርነት ተምህርቶም ከሙኡ ውን ኢመይል ክከታተሉ ኣለዎም። ካብ መምህራኖም በዚ ኣገባብ ንዝመጾም ሓበሬታ ከሙኡ ውን ዝተዋህቦም ዕዮ ገዛ ብግቡእ ከተግብሩ ኣለዎም።